መጽሓፍ I

## ኣብ እዋን ምጽራይ

# ናይ ዑቕባ ተበጻሓይነት



# እንኳዕ ደሓን መጻእኩም!

## እዚ ዛንታ ብዛዕባ ኣርባዕተ መንእሰያት እዩ — ልክዕ ከማኹም።

ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ናብ ኤውሮጳ ብሰላም በጺሖም ኣለዉ።
ገለ ካብቶም መንእሰያት ንበይኖም እዮም መጺኦም። ገለ ካብኣቶም ድማ ምስ ስድራ መጺኦም እዮም።
ብዙሕ ሕቶታት ኣለዎም — በቶም ኣብቲ ዝነብሩሉ ቦታ ዝሰርሑ ሰባት ድማ ይሕገዙ።

## እዚ ዛንታ እዚ ንዓኹም እውን ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ!

**ዝስዕቡ ነገራት ድማ ክትመሃሩ ኢኹም፦**

- ኣብ እዋን ምጽራይ ናይ ዑቕባ ተበጻሓይነት ማለት እንታይ ማለት ምዃኑ
- እንታይ ክትጽበዩ ከምዘለኩም
- ስለምንታይ ምስቶም ሓለፍቲ ክትተሓባበሩን ክትሰርሑን ኣድላዪ ከምዝኾነ
- መን ክሕግዘኩም ከምዝኽእል
- ብዛዕባ መሰላትኩም

**ነዚ ዛንታ ብዝስዕብ ኣገባብ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፦**

- ንበይንኹም
- ምስ መሓዛኻ
- ምስ ኣብዚ ዝሰርሕ ሰብ

## ዘድልየኩም ግዜ ውሰድ። ተረጋጊእካ ደው ምባልን፣ ድሒርካ ናብኡ ምምላስን ጽቡቕ'ዩ።

ሓደ ነገር ንምርዳእ ኣጸጋሚ እንተ ኾይኑ፣ ሓደ ሰብ ንክገልጸልኩም ምሕታት ትኽእል ኢኻ።
ኣላዪኹም፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ወይ ጠበቓኻ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

**ኣብ መወዳእታ ዝስዕብ ክትረክቡ ኢኹም፦**

- ናይቲ ከባቢ ሓበሬታ ዘለዎ ገጽ
- ናይ መዘናግዒ ሕቶታት
- ናይ ገዛእ ርእስኻ ሕቶታት ንክትጽሕፍን ጠቓምቲ መራኽቢ ክትውስኽሉን እትኽእሉሉ ቦታ


> በይኖም ንዝመጹ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ኣላዪ ክምደብ እዩ። ኣብ ገለ ሃገራት እቲ ኣላዪ ወኪል እውን ይበሃል እዩ።
>
> ከምኡ'ውን ኣብ ገለ ሃገራት ዑቕባ ምሕታት ኣህጉራዊ ሓለዋ ምሕታት እውን ይበሃል እዩ።


**!** ኣብ መወዳእታ፣ ኣብቲ እትሓድሩሉ መቐበሊ ኣጋይሽ ዝቐርብ ኣገልግሎታት ኩሉ ብነጻ ዝወሃብ ምዃኑ ኣስተውዕሉ።
ሓደ ኣባል ሰራሕተኛ ገንዘብ እንተሓቲቱኩም፣ ምስ እትኣምንዎ ሓላፊ ወይ ኣላዪኹም ተዘራረቡ።

# ምስ ገጸ ባህርያት ናይዚ ዛንታ ተራኸቡ።

## መሓመድ

ዕድመይ 17 ዓመት እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሕጉስ እየ። ኣብ ዝከኣለኒ እዋን ንኣዕሩኽተይን ስድራይን ምሕጋዝ ደስ ይብለኒ።
ቅድሚ ገለ ሰሙናት በይነይ መጺአ ንኣባሓጎይ እየ ከኣ ዝደሊ ዘለኹ። ስራሕ ክጅምር ሃንቀውታ ኣለኒ።





## ኣሕመድ

ዕድመይ 15 ዓመት እዩ። ምስታ ኣዴና ካብ እትመውት ኣትሒዛ ክትከናኸነኒ ዝጸንሐት ዓባይ ሓፍተይ ጃስሚን እየ መጺአ። ምጽዋትን ሓደስቲ ኣዕሩኽ ምፍጣርን ደስ ይብለኒ። ብሓቂ ብዝተኻእለኒ መጠን ቀልጢፈ ናብ ቤት ትምህርቲ ክምለስ እየ ዝደሊ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብዚ ቋንቋ እቲ ዓዲ ይመሃር ኣለኹ።

## ጃስሚን

ዕድመይ 24 ዓመት እዩ። ምስቲ ዓቕመይ ብዝኸኣሎ መጠን ዝከናኸኖ ኣሕመድ ሓወይ ሓቢረ እየ መጺአ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኢና መጺእና ምስቲ ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዝነብር ንዝተወሰነ እዋን ዝጸንሐ ኣኮና ክንጽንበር ንፍትን ኣለና። ስፖርት እፈቱ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ድማ ኣዝየ ንፉዕ እየ።



## ኣዳም



ዕድመይ 9 ዓመት እዩ። ኣብዚ በይነይ እየ ዘለኹ። ንሕጂ ግን ከይዛረብ ወሲነ ኣለኹ። ኣብዚ ቅድሚ ምብጻሐይ ብዙሕ ሕማቕ ነገራት ኣጋጢሙኒ። ቅድሚ ዳግማይ ምዝራበይ ገለ ግዜ የድልየኒ እዩ። ኣነ ግን በሊሕ እየ፣ ኩሉ ድማ ይርድኣኒ እዩ። ኣነ ብጣዕሚ ንፉዕ መዳመጺ እየ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ እየ ድማ ዝደሊ። ክሳብ ሕጂ ዝረኸብክዎም ሓደስቲ ኣዕሩኽ ኩሎም ደስ ይብሉኒ እዮም።



## ሚስ ኢነስ

ኣነ ኣብዚ መቐበሊ ኣጋይሽ ዝሰርሕ ኣላዪ እየ። ንኹሎም ዑቕባ ዝሓተቱ ህጻናትን መንእሰያትን ብዝተኻእለኒ መጠን ክድግፍ እጽዕር። ኣነ ምግቢ ምብሳል ኣዝየ እየ ዝፈቱ፣ ኩሉ ሰብ ትሑዝን ንጡፍን ምስ ዝኸውን ድማ የሐጉሰኒ። ምንቅስቓስ ኣካላት ንኹላትና ንኣካላውን ኣእምሯውን ጥዕናና ይሕግዘና።



## ሚስተር ፍረድ

ኣነ ኣማኻሪ ሕጊ እየ፣ እዚ ድማ ሓደ ዓይነት ጠበቓ እዩ። ኣብዚ ምስ ብዙሓት ጽቡቕ ስልጠና ዝወሰዱ መሳርሕተይ ብሓባር እየ ዝሰርሕ።
ንኹሎም ሓተቲ ዑቕባ ኣብ ሕጋዊ ጉዳያትን ኣብ ሕቶ ዑቕባኦምን ሓበሬታን ደገፍን እህብ። መልእኽቲ ዘለዎ ሕብራዊ ቲሸርት ምኽዳን ኣዝየ እየ ዝፈቱ።


ነቶም ነዚ ዛንታ ቅድሚ ምሕታሙ ዘንበቡን ክሳብ ክንድዚ ጽቡቕ ጌሩ ንኽውድእ ዝሓገዙን ሓተቲ ዑቕባ መንእሰያት ዕዙዝ ምስጋና ነቕርብ።

ኣስማት ናይቶም ቀንዲ ገጸ ባህርያት ኣብ ምምራጽ እውን ሓጊዞም እዮም።

ነቶም ምስቶም መንእሰያት ንዝተገብረ ዘተ ዝደገፉ ሰበስልጣን ማልታን ሆላንድን እውን ምስጋና ይግባእ ።


ከመይ ኣለኻ/ኺ?
ስላም ንኹሉኹም!
ጽቡቕ ኣለኹ። እቲ መርመራ ሕጂ ተወዲኡ እኳ እንተኾነ፣ ዝበለጸ ንምግንዛብ ነዚ እንደገና እናንበብክዎ እየ።
ንሕና ንምብርህራህ ክንሕግዝካ/ኪዶ ትደሊ?
ብርግጽ!
ሰላም፣ ኣዳም! ምጻእ እሞ ተጸንበረና።
ስለዚ፣ ናብ ኣውሮፓዊ ሕብረት (EU) ንምእታው፣ ፓስፖርት ወይ ቪዛ የድልየካ/ኪ። ብምድሪ፣ ብባሕሪ ወይ ብኣየር ምምጻእካ ለውጢ የብሉን።
(ቪዛ ንሓንቲ ሃገር ክትበጽሕ ፍቓድ ይህበካ። ኣብ ፓስፖርትኻ ዝሕተም ማሕተም ክኸውን ይኽእል እዩ።


ኩሉ ፓስፖርት ወይ ቪዛ ዘይብሉ ሰብ፣ ኣርባዕተ ናይ መርመራ ፍተሻ ነጥብታት ክሓልፍ ኣለዎ። እዚ ድማ ምኽንያቱ እታ ክትኣትዋ ትፍትን ዘለኻ/ኺ ሃገር፣ ብዛዕባኻ/ኺ ሓደስቲ ነገራት ክትፈልጥ ስለ እትደሊ እዩ።
..እሞ... ሓቒ'ዩ፣ ፓስፖርት ወይ ቪዛ ኣይነበረንን...
ንሕና'ውን...
ነዚ ድማ እዩ እቲ ናይ መርመራ ፍተሻ ነጥብታት ክትሓልፍ/ፊ ዘድለየካ/ኪ። ብጠቕላላ ኣርባዕተ ኣለዉ:
1) ናይ መንነት መርመራ
2) ናይ ድሕንነት መርመራ
3) ናይ ጥዕና መርመራ
4) ናይ ተቓላዓይነት መርመራ
ንኹሉም ንምውዳእ ክሳብ 7 መዓልታት ክወሰድ ይኽእል።


ንመንነትን ጸጥታን ምፍታሽ ምስ ኣባላት ፖሊስ ተራኺበ ሕቶታት ሓቲቶምኒ...
እወ፣ ከከም ዝበጻሕካሉ ቦታ፣ ፖሊስ ዶብ ወይ ሓለውቲ ገማግም ባሕሪ ነዚ ፍተሻ ይመርሕዎ።
...ንናይ ጥዕናን ተቓላዕነትን መርመራታት፣ ምስ ሓደ ሓኪምን ማሕበራዊ ሰራሕተኛን ተራኺበ።
እቲ ቋንቋ ስለ ዘይርድኣኒ ምስ ኩሎም ሓለፍቲ ንኽረዳዳእ ሓደ ተርጓሚ ሓጊዙኒ።
እወ ኩሉ ሰብ ዝድግፎ ተርጓሚ ብነጻ ክረክብ መሰል ኣለዎ። ጠበቓ እውን ከምኡ ተመሳሳሊ ብነጻ ዝርከብ እዩ።


ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾንካ፣ ብፍላይ ድማ በይንኻ እንተመጺእካ፣ ብቕልጡፍ ነቶም ሓለፍቲ ንገሮም!
እዚ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ ከም ቆልዓ ስለዝቑጸርን ህጻናት ድማ ካብ ዓበይቲ ንላዕሊ ሓገዝ ስለዘድልዮምን እዩ።
ምስ ህጻናት ኣብ ምስራሕ ዝሰልጠኑ መኮንናት ክዛረቡኹም እዮም።
ቆልዓ ምዃንካ ክትሓብእ ኣይትፈትን!
ዕድሜኻ ዝገልጽ ዝኾነ ሰነድ ከይሓዝካ እንተመጺእካ፣ እቶም ሰበስልጣን ናይ ዕድመ ገምጋም ክትገብር ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዕድመኻ ንምግማት ዝሕግዝ መሰርሕ እዩ።


እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ንገምጋም
ዕድመ ክትገልጽ ትኽእል እያ።
ከምኡ’ውን ሓደ ቆልዓ በይኑ ክመጽእ ከሎ፣ ብፍሉይ ዝሰልጠነ
ዓቢ ሰብ ኣላዪ ወይ ሞግዚት ብዝበሃል ይድገፍ።
እዚ ሰብ እዚ ኣብ ኩሉ ጉዳያት ክድግፈካ እዩ።
ዑቕባ ምሕታት?
ኣብ መጀመርታ ግዝያዊ ኣላዪ ክህልወካ
ይኽእል እዩ። ዑቕባ ምስ ሓተትኩም ኣብ
ውሽጢ 3 ሰሙን ሰበሰልጣን ቀዋሚ
ሞግዚት ክምድቡልኹም እዮም።



ሰባት ዑቕባ ዝሓቱ ብቐንዱ ብሰንኪ ኣብ ዓዶም ብዘሎ ኩናትን ካልእ ሓደጋታትን እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ዓደይ ኢሎም ዝጽውዕዋ ሃገር ስለዘይብሎም ይሓቱ፣ እዚ ማለት ሃገር ኣልቦ እንተኾይኖም። ኩሉ ሰብ ዑቕባ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎ፣ እዚ ድማ ኣህጉራዊ ሓለዋ እውን ይበሃል።
ስለዚ፣ ዑቕባን ኣህጉራዊ ሓለዋን ሓደ እዩ?
ብመሰረቱ እወ፣ ግን ገለ ሃገራት ዝተፈለየ ሕጊ ክህልወን ይኽእል እዩ።
እህም... እቲ ናይ መጻረዪ ምፍታሽ ነቶም ሓዱሽ ንዝመጹ ሰባት ጥራይ ድዩ ዝግበር?
ብኽብረትኩም እቶም ናይ መርመራ ፍተሻታት ክትገልጹ ትኽእሉዶ?
ኣይፋልን፣ ኣብ ሓንቲ ሃገር ንዝተወሰነ ግዜ እንተጸኒሕካ ግን ከኣ ክትጸንሕ እትኽእለሉ ወረቓቕቲ እንተዘይብልካ እውን እቲ መርመራ ክካየድ ይኽእል'ዩ። ኣብ ከምኡ ዝበለ ኩነታት እንተበዝሐ 3 መዓልታት ይጸንሕ።


ንናይ መንነትን ጸጥታን ፍተሻ፣ ሓለፍቲ ፓስፖርትካ፣ ምስክር ወረቐት ልደትካ ወይ ካልእ ሰነዳትካ ክሓቱኻ እዮም። እንተዘይብልካ ኣይትፍራሕ። ብዙሓት ቆልዑ ብዘይ ንሳቶም እዮም ዝመጹ።
እቶም ሓለፍቲ ዝሰዕብ ክተረጋግጽ ክሓቱኻ እዮም፣
ሽም
ዝተወለድካሉ/ክሉ ዕለት
ዜግነት
ነዞም ዝሰዕቡ ክፈልጡ እውን ይደልዩ ይኾኑ፦
- ከመይ ጌርካ ናብዚ ተጓዒዝካ፣ ከምኡ’ውን
- በይንኻ፣ ምስ ኣዕሩኽትኻን/ወይ ምስ ስድራቤትካን እንተተጓዒዝካ።
ንናይ ጸጥታ ምፍታሽ፣ ንኻልኦት ሓደገኛ ክትከውን ትኽእል ዲኻ ኣይኮንካን ክምርምሩ እዮም።
ንኻልኦት ሓደገኛ ድዩ?
እወ ንኣብነት ቅድሚ ሕጂ ንጹሃት ሰባት ጎዲእካ እንተኔርካ።
ንሳቶም ክፍትሹኻ፣ ሓድሓደ ግዜ ድማ ቴለፎንካ ወይ ካልእ ነገራት ክወሰዱልካ ክውሰኑ ይኽእሉ። እዚ ድማ ድሕነት ኩሉ ሰብ ንምርግጋጽ እዩ። ድሒሮም ክመልሱልካ እዮም።


ኩሉ ግዜ ምስቶም ሓለፍቲ ክትተሓባበር ፈትን፣ ልቢ በል...
ኩሎም ሓለፍቲ ብኣኽብሮት ክሕዙኻ ኣለዎም። ከምኡ እንተዘይገይሮም ድማ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። እዚ እንታይ ማለት ምኻኑ ትፈልጥዶ?
ጥርዓን ንሓደ ሰብ ብዝተገብረልካ ኣገባብ ወይ ብዝረኸብካዮ ኣገልግሎት ሕጉስ ከምዘይኮንካ ምስ እትነግር'ዩ፣ ወይ'ውን ክትረኽቦ ዝግበኣካ ኣገልግሎት ግን ከኣ ዘይረኸብካዮ ኣገልግሎት እንተልዩ፣ ሓቀይ?
ብትኽክል።
እሞ፣ ጥርዓን እንተ ኣቕሪበ፣ ንመመልከቲ ዑቕባይ ሕማቕ ክኸውን ይኽእል ድዩ?
ኣይፋልን ብዛዕባ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ጥርዓን ክተቕርብ መሰል ኣሎካ። ኣየናይ እዩ ቅቡልን ዘይቅቡልን ብዝምልከት ርግጸኛ እንተዘይኮንካ፣ ንዝእመን ሓላፊ፣ ኣብኡ ንዘሎ ጠበቓ ወይ ንኣላዪኻ ምኽሪ ሕተት።
ወይ ምስ ሰድራኻ ተዘራረብ፣ ምስኦም እንተመጺእካ።
ከምኡ'ውን ሕቶታት እንተተሓቲትካ እሞ መልሱ እንተዘይዘኪርካዮ፣ ነገራት ፈጢርካ ኣይትዛረብ። ከም ዘይትፈልጥ ወይ ከም ዘይትዝክሮ ጥራይ ሓብሮም። ክርድኡኻ እዮም።
ብርግጽ!


ንበይኖም ዝመጹ ህጻናት፣ ንኽድግፎም ግዝያዊ ኣላዪ ከም ዝወሃቦም ኣይትረስዕ።


እቲ ኣላዪ፣ እቶም ሰበሰልጣን ነቲ ህጻን ዝጠቅም ዝበለጸ ውሳኔታት ምእንቲ ክወስዱ፣ ድሌታት ናይቲ ህጻን ከም ዝፈልጡ ከረጋግጽ እዩ።


ድሕሪ እቲ መርመራ፣ ናብቲ ንነዊሕ እዋን እትጸንሓሉ ቦታ ምስ እትግዕዝ፣ እቲ ሞግዚት ክቕየር ይኽእል እዩ።


ኣብቲ ሓድሽ ቦታ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድ ወይ ኣብ ንጥፈታት ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ።


እህም፣ ንምንታይ ነቲ ናይ ጥዕናን ተቓላዕነትን መርመራ ከም ዝገብሩ ክትነግረኒ ትኽእል ዲኻ?
ኣብ እዋን መርመራ ጥዕና፣ ሓኪም ወይ ነርስ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ጥዕናኻ፣ ዝኾነ ኣለርጂ ወይ መጕዳእቲ እንተልዩካ፣ ንሰኻን ካልኦትን ውሑስ ክትኮኑ ንምርግጋጽ ሕቶታት ክሓተካ እዩ።
ብዛዕባ እተን ናብዚ ኣብ እትመጻሉ እዋን ዝሓለፍካየን ሃገራትን ኣብኡ ሕማቕ ነገር እንተ ኣጋጢሙን እውን ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም።
ስለምንታይ እዮም ከምኡ ዝሓቱ?
ከም ቲዩበርኮሎሲስን ሄፓታይተስ ቢ ዝኣመሰሉ ተላባዕቲ ሕማማት ብቐሊሉ ይመሓላለፉ። ብሕማም እንተተለኺፍካ እቶም ሓካይም ሕክምና ከም ዝግበረልካ ከረጋግጹን ናብ ካልኦት ከይመሓላለፉን ይደልዩ።


እንተ እቲ ናይ ተቓላዕነት መርመራ ግን እቶም ነዚ መርመራ ዝገብሩ መኮንናት መብዛሕትኡ ግዜ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት እዮም። ምስ ቆልዑ ከመይ ጌሮም ከም ዝዛረቡ ይፈልጡን ዝያዳ ኣብቲ ሓደ ሰብ ዝሰምዖ ስምዒት ድማ የተኩሩ።
ስለዚ እንተድኣ ዝሰዕብ ኣጋጢሙካ ኮይኑ ንዓኣቶም ንገሮም..
... ሓደ ሰብ ወይ ገለ ነገር ኣፈራሪሑካ...
... ካብ ካልኦት ሰባት ዝተፈላለየ ኣተሓሕዛ ገጢሙካ...
... ኣብዚ ይኹን ኣብ ዝሓለፈ እንተተጎዲእካ...
... ብዙሕ ትጭነቕ፣ ትሓዝን፣ ውጥረት ይሰምዓካ ወይ ድማ ትብህርር እንተኾይንካ።
ብዙሕ ጭንቀትን ውጥረት ምህላው ማለት እንታይ ማለትካ እዩ?


...እህም... መጀመርታ ምስ በጻሕካ ድኻም፣ ፍርሒ ወይ ጥርጣረ ክስመዓካ ይኽእል እዩ። ገሌና ኣዝዩ ዘሕዝን ነገራት ርኢና ኢና ገለ ድማ ብዛዕባኡ ክንዛረብ ሕፍረት ክሰምዓና ይኽእል እዩ።
እዚ ረሲዕና ሓድሽ ህይወት ክንጅምር ንፍትን። ኣብ ኣካላትና በሰላ ክህልወና ይኽእል እዩ ኣብ ልብና እውን ግን በሰላ ክህልወና ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ክንጭነቕን ጽቡቕ ከም ዘይሰምዓናን ክገብረና ይኽእል።
ገሌና ዝሓለፍናዮ ነገራት ብዙሕ እዩ ዝጎድኣና። እንኣምኖም ሰባት ሓሲዮምና ወይ ይጥቀሙልና ነይሮም ይኾኑ።
... ከምኡ’ውን... ገሌና ብሓቂ ንፈትዎም ሰባት ስኢንና ኢና። ምስዚ ቃንዛ ትቃለስ እንተኾንካ ንሓደ መኮነን ንገሮ ኢኻ። ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ሰብ ሞያ ኣለዉ።
እወ፣ እቶም ሓለፍቲ ድማ ብዛዕባ ጸገማትካ ምስ ዝፈልጡ ጥራይ እዮም ጽቡቕ ሰምዒት ንክሰምዓካ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ።


ጽቡቕ፣ ኣነ ሕጂ ክሓዝን ከለኹ፣ ኩሉ ሰብ ክፈልጥ ኣይደልን’የ።
ኣነ’ውን ከምኡ’የ። ነቶም መኮንናት እትነግሮም ግን ምስጢራዊ ኮይኑ ይተሓዝ።
ምስጢራዊ?
...ክትካፈል እንተዘይተሰማሚዕካሉ ሚስጢራዊ ኮይኑ ይጸንሕ– ንኣብነት ናብ ሓኪም ክትከይድ እንተድኣ ኣድልዩካ።
ሓበሬታ ንምክፋል ከም እትሰማማዕ ንምሕባር ናይ ፍቓድ ቅጥዒ ክትፍርም ክትሕተት ኢኻ። ወይ ድማ ንወለድኻ ወይ ንኣላዪኻ ክፍርሙ ይሓቱኻ ይኾኑ።
ሓደ ሰብ ንነብሱ ወይ ንኻልኦት ሓደጋ ዝፈጥር እንተኾይኑ፣ ማለት ንሓደ ሰብ ክጎድእ ይኽእል እንተኾይኑ፣ እቲ ሓላፊ ነዚ ምስ ሰራሕተኛታት ጸጥታ ከካፍል ኣለዎ። ይኹን እምበር ምስ ሰበስልጣን ዓድኻ ዝኾነ ነገር ከካፍሉ ኣይፍቀደሎምን እዩ።
... እህም... ኣብ እዋን መርመራከ ሰባት ኣበይ ይዓርፉ?
ኣብ ጥቓ እቲ ዝበጻሕካዮ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ እቲ መርመራ ቅድሚ ምዝዛሙ ካብቲ ከባቢ ክትወጽእ ኣይትኽእልን ኢኻ።


ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝኾነ ትፈልጡ ዶ?
እህም... ምኽንያቱ እቶም ሰበስልጣን መጀመርያ ብዛዕባና ዝያዳ ክፈልጡን እቶም ዝመጹ ሰባት ጥዑያት እንተኾይኖም ክምርምሩን ስለ ዝደልዩ።
ብትኽክል!
እተን ኣርባዕተ ናይ መርመራ ፍተሻታት ምስተዛዘማ፣ እቲ ዝነገርካዮም ኣብ ቅጥዒ መሊኦም፣ ኩሉ ቅኑዕ እንተኾይኑ ምሳኻ የረጋግጹ።
ሓደ ነገር ብጌጋ እንተተረዲኦም ወይ እንተተጋግዮም ንገሮም። ድሒርካ ከተዐርዮ ከቢድ እዩ።
ቀጺሉ እንታይ'ዩ ክኸውን... ?
ዑቕባ እንተሓቲትኩም ክትምዝገቡ ኢኹም፣ ሰበስልጣን ድማ ሓለዋ ከምዘድልየኩምን ክትጸንሑ ትኽእሉ ዶ ኣይትኽእሉን ንምውሳን ግዜ ከድልዮም እዩ።
ዑቕባ እንተዘይሓቲትኩም፣ ብሰላም ክትምለሱ ከም እትኽእሉ ንምርግጋጽ እቶም ምምላስ ዝውድቡ ሰበስልጣን ክሕበሩ እዮም። ሓደ ሓደ ግዜ፣ መስርሕ ምምላስ ይድንጉይ ወይ ኣይፍጸምን እዩ። እዚ ድማ ኣብ ውልቃዊ ኩነታት ሓደ ቆልዓ ይምርኮስ።


ሕማቕ ነገራት ከየጋጥመኒ ሰለ ዝፈራሕኩ ካብ ሃገረይ ወጺአ ዑቕባ ድማ ሓቲተ...
እወ፣ ዝምልከቶ ኣካል ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፉ ክምዝግበኩም እዩ፣ ካብ 10 መዓልቲ ኣብ ዘይሓልፍ ግዜ።
ሓቒ እዩ፣ ተመዝጊበ ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባን ኣብዚ ጸንሖተይን ሓበሬታ ረኺበ።
ሓደ ሓደ ግዜ፣ ናይ ዑቕባ መመልከቲ ኣብቲ ሰባት ዝበጽሕሉ ቦታ ይምርመሩ። እዚ ድማ መሰርሕ ወይ ኣገባብ ዶብ ይበሃል። መብዛሕትኡ ግዜ ንበይናዎም ንዝመጹ ህጻናት ኣይምልከትን'ዩ።
ሚስተር ፍረድ (Fred)፣ እቲ ጠበቓ፣ ኣብቲ ኣሎ።
ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባ ዝያዳ ክነግረና ሕጉስ ምኾኑ ርግጸኛ እየ።


...መጀመርታ ግን ንምንታይ ሰእለይን ኣሰር ኣጻብዕተይን ከም ዝወሰዱ ክትነግረኒ ትኽእል'ዶ?
መንነትካ ንምርግጋጽን ንጸጥታዊ ምኽንያታትን። ኣሰር ኣጻብዕትኻ ንዓኻ ጥራይ ዝኾነ ፍሉይ መፍለዪ እዩ።
እዚ ሓበሬታ እዚ ሰድራቤትካ ኣብ ሓንቲ ናይ ኤውሮጳ ሃገር እንተሃልዮም ንምርካብ እውን ሰለ ዝሕግዝ ኣገዳሲ እዩ።
ASYLUM, FINDING FAMILY & RELOCATION
ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ ዝያዳ ኣብዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም...
ASYLUM, FINDING FAMILY & RELOCATION
የቐንየለይ። ሕጂ ንኺድ እሞ ንሚሰተር ፍረድ ንርከቦ!

# ኣገዳሲ

**ኣብዛ ሃገር ...**

ነቲ መርመራ ሓላፍነት ዝስከም በዓል መዚ:- ______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

ዑቕባ እንተሓቲተ እቲ መርማሪ በዓል መዚ ናብ በዓል መዚ ዑቕባ ልኢኹ ክምዝግበኒ እዩ። ኣብዛ ሃገር ዘሎ በዓል መዚ ዑቕባ:-

______________________________________________

______________________________________________

ኣብ እዋን መጻረዪ ዝነበረ ኣላዪ ወይ ሞግዚት ሸም:- ______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባን ተዛመድቲ ኣርእስትታትን ዝያዳ ንምፍላጥ ምስ ኣማኻሪ ሕጊ ብነጻ ክራኸብ እኽእል እየ። ነዚ ድማ፣ ምስ ዝስዕብ ኣካል ክራኸብ ይኽእል እየ:- ______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

ጭንቀት ወይ ፍርሒ እንተተሰሚዑኒ ክረኽቦ ዝኽእል ሰብ:- ______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

ከምቶም ሓለፍቲ፡ ኣማኸርቲ ሕጊ፡ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ወይ ኣላዪየይ ዝበሉ ኣብዚ ዝሰርሑ ሰባት ብሕማቕ ኣገባብ እንተ ሒዞምኒ፡ ጥርዓን ከቕርብን ምስ ዝስዕብ ኣካል ክራኸብን ይኽእል እየ:- ______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

ህጹጽ ኩነታት እንተጋጢሙ፡ ናብ ኣምቡላንስ ብ ______________________________________________
ወይ ንፖሊስ ብ ______________________________________________ ክረኽቦም እኽእል እየ።

ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታ:- ______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

# ሕቶታት

**ኣብ እዋን ናይ መጻረዪ መርመራ ብዛዕባ ተበፃሕነት ዑቕባ ዝተማሃርክዎ ፍልጠተይ ይፍትሽ ኣለኹ።**
ገለ ሕቶታት ካብ ሓደ ንላዕሊ መልሲ ይፈቕዱ እዮም።

☑ ኣብቶም ቅኑዕ መልስታት ምልክት ግበር።

1. ነፍሲ ወከፍ ሰብ ክሓልፈን ኣብ ዘለዎ ኣርባዕተ ናይ መጻረዪ ፍተሻ ነጥብታት ምልክት ግበር።
   - ◯ a. ናይ ዓብዪ እግሪ መርመራ
   - ◯ b. ናይ መንነት መርመራ
   - ◯ c. ናይ ዝፈትዎ ደርፊ መርመራ
   - ◯ d. ናይ ተቓላዓይነት መርመራ
   - ◯ e. ናይ ጥዕና መርመራ
   - ◯ f. ናይ ድሕንነት መርመራ

---

2. እቲ መርመራ ክሳብ 7 መዓልታት ክወስድ ይኽእል።
   - ◯ a. ሓቂ
   - ◯ b. ሓሶት

---

3. ክሳብ ዝውዳእ ኣብቲ ናይ ምጽራይ መርመራታት ዝግበረሉ ቦታ ክጸንሕ ክግደድ ይኽእል እዩ።
   - ◯ a. ሓቂ
   - ◯ b. ሓሶት

---

4. እቶም መርመራ ዝገብሩ ኣካላት ቆልዓ እንተኾይኑ ምፍላጥ ኣየድልዮምን እዩ።
   - ◯ a. ሓቂ
   - ◯ b. ሓሶት

---

5. እቶም ናይ ምጽራይ ሰብ መዚ ክፍትሹኒ ኣይፍቀደሎምን እዩ።
   - ◯ a. ሓቂ
   - ◯ b. ሓሶት

---

6. እቶም መርመራ ዝገብሩ ኣካላት ክሳብ እቲ መርመራ ዝውዳእ ውልቃዊ ነገራተይ ክሕዙ ይፍቀደሎም እዩ።
   - ◯ a. ሓቂ
   - ◯ b. ሓሶት

---

7. በይነይ እንተመጺአን ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይነን ግዝያዊ ኣላዪ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኒ።
   - ◯ a. ሓቂ
   - ◯ b. ሓሶት

---

# ሕቶታት

8 ኣብ ሓደጋ ክወድቕ እየ ኢለ ስለ ዝሓሰብኩ እሞ ናብ ዓደይ ክምለስ እንተፈሪሐ ዑቕባ ክሓትት እኽእል እየ።

- a. ሓቂ
- b. ሓሶት

9 ናይ ተርጓሚን ጠበቓን ደገፍ ንምርካብ ክኸፍል ኣለኒ።

- a. ሓቂ
- b. ሓሶት

10 ናይ ዑቕባ ሓላፍነት ዘለዎም ሰበስልጣን ዑቕባ ካብ ዝሓተትኩሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5-10 መዓልታት ክምዝግቡኒ ኣለዎም።

- a. ሓቂ
- b. ሓሶት

## መልሲ ናይቶም ሕቶታት

ሕቶ 1: b, d, e, f; ሕቶ 2: a; ሕቶ 3: a; ሕቶ 4: b; ሕቶ 5: b; ሕቶ 6: a;
ሕቶ 7: a; ሕቶ 8: a; ሕቶ 9: b; ሕቶ 10: a።

# መተሓሳሰቢ

TIGRINYA

እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ወይ ቡክሌት እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ'ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ ቡክሌት ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፣ እዚ ድማ ትሕዝቶ፣ ምሉእነት፣ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ ቡክሌት ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ቡክሌት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 2025

